# ህግደፍ ውሽጣዊ ቅልውላዉ ብግዳማዊ ድራማታት ንምሽፋን ሕሱር ፕሮፖጋንዳ የካይድ ኣሎ

ስርዓት ህግደፍ ብቁጠባ፣ ፖለቲካ፣ ማሕበራዊ መዳይ ባይታ ከም ዝዘበጠ ዓለም ብዓለማ ዝፈለጦ ክንሱ ከም ኣመሉ ነቲ ኣጋጢሙዎ ዘሎ ውሽጣዊ ቅልውላዉ ብግዳማዊ ድራማታት ብምሽፋን ህዝቢ ንምድንጋር ይፍትን ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡፡

ስርዓት ህግደፍ ኣብዚ ሕጂ እዋን መንግስቲ ኣሜሪካ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ትሕግዝ ስለ ዘላ፡ ኣብ ልዕለና ኲናት ክትከፍት ትዳሎ ኣላ ኢሉ ህዝቢ ንምድንጋር ይፍትን ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡፡ እቲ ዝመጸና ዜና ከም ዝሓበሮ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንኲናት ትዳሎ ኣላ፣ ኣብ ኣፍ ደገና እንተዘይመጺኦሙና ንሕና ኲናት ኣይንከፍትን፣ እንተመጺኦም ግን ርእስና ክንከላከል ክንግደድ ክብል በዓሉ ዝፈጠሮም ውሽጣዊ ቅልውላዉ ብግዳማዊ ድራማታት ንምሽፋንን ንህዝቢ ማእዝኑ ንምስሓት ሰፊሕ ፕሮፖጋንዳ የካይድ ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡፡

ካብዚ ብምብጋስ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ውሽጢ ሰራዊት ታኽሊፕን ናይ ቦታ ምቅይያራት የካይድ ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡፡ ቀንዲ ናይዚ ስጉምቲ ኣብ ሰራዊት እምነት ኣትዲሉ ህድማ ንከየጋጥም ንምግታእ ምኻኑ እቲ ዝመጸና ዜና ሓቢሩ፡፡ ምስዚ ብምትእስሳር ኩለን ቁሸታት ኲናማ ካብ ነፍስ ወከፈን 30 ሰባት ሚሊሻ ዝዓጥቁ ንከዋጽኡ የገዲዱዎም ከም ዘሎ ተፈሊጡ፡፡

ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ዕድሜ ከይገደቦ ንመላእ ሕብረተሰብና ብሓይሊ ሚሊሻ ኣብ ልዕሊ ምዕጣቁ ገዛ ገዛ እንዳዘረ ብረት ከም ዝዓደሎም ዝዝከር እዩ፡፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ዳርጋ ብረት ዘይዓጠቀ ክፋል ሕብረተሰብና የለን እንተተባህለ ዝተጋነነ ኣይከውንን፡፡

ብካልእ ዜና፡ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህግደፍ ብዝክተሎ ዘሎ ዝምቡዕ ቁጠባዊ ፖሊሲ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ነጻ ሕጽረት ከም ዘኸተለ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን መብዛሕቲኤን ኣብያተ ጽሕፈታት ብሕጽረት ነዳዲ ካብን ናብን ተንቀሳቒሶም ክሰርሑ ከም ዘይከኣሉን ዓቢ ብኩራት ኣብ ስራሕ ከም ዘጋጠመ ተፈሊጡ፡፡ በዚ መሰረት ኣብ ከባቢ ምጽዋዕ ዝርከባ ትካላት መንግስቲ በዚ ዝተጠቕሰ ሕጽረት ነዳዲ ካብን ናብን ክንቀሳቐሱ ከም ዘይከኣሉ ምንጪታትና ሓቢሮም፡፡ ኣብዚ እዋን ቁጠባ ሃገር ባይታ ዘቢጡ ነታ ሃገር ቁልቁል ክደፍኣ እንክሎ ብኣንጻሩ ናህሪ ዕዳጋ ሰማይ ከም ዝደየበ ተፈሊጡ፡፡ በዚ መሰረት፡-

1. ስርናይ ንኲንታል 2,070.00
2. ጣፍ ንኲንታል 3,040.00
3. ማሽላ ንኲንታል 2,050.00
4. ሽኮር ንኲንታል 3,800.00 ንቅጥዓ 1,900.00
5. በግዕ 3,500.00
6. ኣጣል 2,500.00
7. ብዕራይ 60,000.00-80,000.00
8. ግመል 90,000.00-100,000.00 ኣቢሉ ከም ዝሸየጥ ምንጪታትና ካብ ውሽጢ ኤርትራ ሓቢሮም፡፡